ንኮሚሽን ፖሊስ ክ/ትግራይ ግልጋሎት እትውዕል ብነዳዲ እትሰርሕ ዳብል ጋቤና ቶይታ ሃይሎክስ መኪና ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለ ዝደለየ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ ታሕሳስ 28, 2018 (ቅድሚ 10 ወርሒ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥሪ 12, 2018 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:100000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:200
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥሪ 12, 2018 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ዕድጊት መኪና/

ምልክታ ግልፂ ጨረታ

ንኮሚሽን ፖሊስ ክ/ትግራይ ግልጋሎት እትውዕል ብነዳዲ እትሰርሕ ዳብል ጋቤና ቶይታ ሃይሎክስ መኪና ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለ ዝደለየ ካብዚ ንታሕቲ ዝተዘርዘሩ ረቓሒታት እተማልኡ ነጋዶ/መቐረብቲ/ ንኽትወዳደሩ ብኽብሪ ይዕድም።

ተወዳደርቲ ከማልእዎ ዝግባእ ረቓሒታት

1. ተወሳኺ እሴት ታክሲ /ቫት/ ተመዝጋቢ ዝኾነን ናይ ወርሒ ጥቅምቲ 2018 ዓ/ም ዲክለር ዝገበረን::

2. ናይ 2018 ዓ/ም ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድ ኣተሓሒዙ ከቕርብ ዝኽእል።

3. ናይ 2018 ዓ/ም ዝተሓደሰ መቐረባይነት ፍቓድ ኣተሓሒዙ ከቕርብ ዝኽእል።

4. ናይ ግብሪ ኽፋሊ መለለይ ቁፅሪ (Tin Number) ኣተሓሒዙ ከቕርብ ዝኽእልን።

5. መኽበሪ ጨረታ ብር 100,000.00/ሓደ ሚኢቲ ሽሕ ብር ጥራሕ/ካብ ዝተፈለጠ ባንኪ ኣብ ኩነታት ዘይተመስረተ ብስፒኦጥራሕ ኣስሪሑ ከትሕዝ ዝኽእል።

6. ተወዳደርቲ ንዘሸነፍዎ ንብረት ኣብ ውሽጢ 15' ማዓልቲ ብናይ ባዕሎም መጓዓዚ ናብ ኮሚሽን ፖሊስ ክ/ትግራይ ክቕርቡዝኽእሉ ።

7. ተወዳደርቲ ሰነድ ጨረታ ብር 200.00/ ክልተ ሚኢቲ ብር ጥራሕ/ ከፊልካ ብምውሳድ ኣብ ዝመልእዎ ሰነድ ጨረታ ማህተም፣ፊርማ ሙሉእ ኣድራሻ ምስ ስልኪ ቁፅሪ ክገልፅ ዝኽእል ካብ ዕለት 28/04/2018 ዓ/ም ክሳብ ዕለት 12/05/2018 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ቅድሚ ቀትሪ ኣብ ኮሚሽን ፖሊስ ክ/ትግራይ ናይ ጨረታ ሳንዱቅ ብዝተዓሸገ ፖስታ ኮፒን ኦርጅናልን ብምፍልላይ ምእታው ይኽእሉ::

8. እቲ ጨረታ ሰዓት 4:00 ተዓፅዩ በቲ ዕለት ንሱ ሰዓት 4፡30 ተጫረቲ ወይ ድማ ሕጋዊ ወኪል ኣብ ዝተረኽብሉ ዝኽፈት ኮይኑ እንተዘይተረኺቦምእቲ ጨረታ ንምኽፋት ዘፀግም /ዝኽልክል/ ከም ዘየለ

9. ኣብ ናይ ዋጋ መቐረቢ ዝተመልአ ዋጋ ፀኒዑ ዝፀንሐሱ ን30 ማዓልቲ ፀኒዑ ይፀንሕ፣ ብተወሳኺ እዉን ተወዳደርቲ ንሕድሕድ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ንብረት ዝመልእዎ ዋጋ ቫት ሓዊሶም ዝውዳደሩ ምኺኖም እናፍለጥና ቫት የወስኽ ወይ የቕንስ ዝብል ሓሳብ ወይ መስራቤቱ ካብ ዘውፅኦ ስፐስፊኬሽን ካሊእ መብርሂ ተቐባልነት ዘይብሉ ምኺኑ ኣብ ሕድሕድ ዝመልእዎ ዋጋ ስርዝ ድልዝ እንተሃልዩ ካብ ውድድር ዝወፅእ ምኺኑ ።

10. ኮሚሽን ፖሊስ ክ/ትግራይ ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ነቲ ጨረታ ብኽፊል ይኹን ብሙሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ሕሉው ኾይኑ ብተወሳኺ እውን 20/ ናይ ምውሳኽን ምቕናስን መሰሉ ዝተሓለወ እንትከውን ተወዳደርቲ ሰነድ ጨረታ መምልኢ ዋጋ ካብ ኮሚሽን ፖሊስ ክ/ትግራይ ጥራሕ ይወስዱ።

11. ንዝበለፀ ሓበሬታ ብስልኪ ቑፅሪ 0344403100ወይ ድማ ኣብ ኮሚሽን ፖሊስ ክ/ትግራይ ቢሮ ቑፅሪ 308 ብኣካል ምሕታት ትኽእሉ ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle